# ኣዋጅ ሆደ

ዓሰርተሐምሽተ ኣባላት ጸጥታ ምኽሪበት ንሳተን ድማ ሕቡራት መንግታት ኣመሪካ፣ ፍረንሳ፣ እንግሊዝ፣ፈደራላዊት ሩስያ፣ ኣውስትርያ፣ቡርኪና ፈሶ፣ኮስታሪካ፣ክርዋትያ፣ጃፓን፣ መክሲኮ፣ቱርክያ፣ኡጋንዳ ከምኡውን ቨትናም ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ማዕቀብ ክውሰን ከድምጻ እንከለዋ፡ ሊብያ ኣንጻርቲ ውሳነ ኣድሚጻ፡ ቻያና ድማ ድምጺ ካብ መሃብ ተዓቂባ።

እዚ ናይ ማዕቀብ ውሳኔ ኣዚ ኤርትራ ካብ ናይ ዓለም ዕዳጋታት ብሕጋዊ መገዲ ኣጽዋር ከይትሽምትን፡ኣብ ባንክታት ዓለም ዘሎ ናይ ላዕለዎት ሰብ-ስልጣናትን መሻርኽቶም ስብ-ርእሰማል ገንዘብ ከይንቀሳቀስ ይእግድ፡ ከምኡውን ዝተወሰኑ ፖሎቲካዊን ወተሃደራውን ሐለፍቲ ካብ ኤርትራ ንወጻኢ ከይንቀሳቀሱ ኣገዳ ክግበረሎም ወሲኑ።

ኣቲ ቀንዲ ነዚ ውሳኔ ንኽውሰድ መበገሲ ከይኑ ዝቀረበ ምኽንይት መንግሰቲ ኤርትራ ኣብ ሶማልያ ብደገፍ ናይ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ዝካየድ ዘሎ ናይ ሰላም ጻዕርታት ኣብ ምዕንቃፍ ዓቢ ተራ ከምዘለዋን፡ ብተደጋጋሚ ዝተገብረላ መጸዋዕታ ጸማም እዝኒ ከምዘይሃበትን ይሕብር። ከምኡውን ኣብ መንጎ ኤርትራን ጅቡትን ዝተኸስተ ናይ ዶብ ምስሕሐብ መሰረት ብምግባር ባይቶ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ኣብ 14 ጥሪ 2009 ኤርትራ ካብቲ ብሐይሊ ሒዛቶ ዘላ መሬት ጅቡቲ ሰራዊታ ክትስሕብን ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ኩነታት ንምእላይ ድማ ሞንጎኝነት ክትቕበል ንዝብል ጻውዒት ኣሉታዊ መልሲ ከምዝሃበትሉ ይሕብር።እዚ ድማ ብሐድነት ኣፍሪቃን፣ሃገራት ዓረብን ከምኡውን ናይ ዓለም እስላም ኮንፈረንስ ጻዕሪ ዝተሰነየ ምንባሩ ዝዝከር ኢዩ።

ሆደ ብሊን ነዚ ብማሕበረሰብ-ዓለም ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተወስደ ናይ እገዳ ማዕቅብ፡ ከምቲ ብሰበ-ስልጣናት መንግስቲ ኤርትራ (ህግድፍ) ብመንግስቲ ኣመሪካን ኢትዮጵያን ዝቀረበ ክሲዩ ዝብልዎ ዘይኮነስ ኣብ ኤርትራ ሃገርና ስልጣን ንበይኑ ዝበሐተ ሐደ ፓርቲ ተጠቃሊሉ ድማ ኣብ ኢድ ሐደ ውልቀ-ሰብ ኢሰያስ ኣፍወርቂ ካብ ትወድቅ ኣትሒዛ ብዘይ ሕጋዊ ተሐታትነትን ቃሕ ዝበሎ ዝግብር ብውጺኢቱ ድማ ኩሎም ሰብኣውን ደሞክራስያዊን መሰላት ህዝብታት ኤርትራ ኣጊዱ፡፡ ወሰን ብምባል ድማ ኣብ ትሕቲ ዝተፈላለየ ምኽንያት ምስ ኩለን ጎረባብቲ ሃገራት ኣዕናዊ ኩናት ዘካይድን ነተን ሰራዊት ብምስዳድ ኣብ ልዕሊኤን ኩናት ክኽፍት ዘይከኣለ ሃገርትን ዞባዊን ዓለምለኻዊ ትካላት ብተመሳሳሊ ናይ ተጻብኦ ባህርያቱ ብንጹር ኣመስኪሩ ኣዩ።ብፍላይ ድማ ኣብ ሶማልያ ንዝተፈላለዩ ናይ ግብረ-ሽበራ ሐይልታት ዘይተቆጠበ ማለት ወተሃደራውን ገንዘባውን ዝተፈላለየ ሎጅስቲካዊ ደገፍ እንዳሃብካ ኣብ መበል ዕስራን ሐደን ክፍለዘመን ልዕሊ ሕጊ ከንካ ድላይካ እንዳገብርካ ክትነብር ዘሎ ዕድል ብጣዕሚ ጸቢብ ምኻኑ ምቕባል ዝጸገሞ ኢሰያስ ኣፍወርቂን ሰዓብቱን እዝካ ክውሕደኩም ንብሎም፡፡

በዚ ኣጋጣሚ እዚ ኩሎም ኣብ ሃገርና ኤርትራ ለውጥን ሰላምን ኣብ ምምጻእ ረብሐ ዘለዎም ሐይልታት ነዚ ተረኺቡ ዘሎ ኩነታት ተጠቂምነና ህዝብና ኣብ ምድሐን ሐደ ግንባር ከና

ክንሰርሕ ይግበኣና።ምኽንያቱ ኢዚ እገዳ እዚ ከምቲ ዝበሃል አብ ልዕሊ ላዕለዋት መራሕቲ ዝዓለመ (ታርገትድ ሳንግሽን) ዋላ ይኹን ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዓቢ ሳዕበን ከምዘለዎ ክንግዘብ ይግባእ።ንኣብነት ምጥቃስ ኣብ ልዕሊ ሰዳም ሑስን ብሕቡራት መንግስታት ዝተወሰደ ብይን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዒራቅ ኣዕናዊ ሳዕበን ኣኸቲሉን ድሕሪ ምውድቕ ሰድም ሕስን እንተኾነ ይቕጽል ኣሎ።ኢሰያስ ኣፎወርቅን ውሑዳት ሰዓብቱን ሕጅውን ኣብ ድሕሪ ማዕቀብ ጸጥቲ ቤት-ምኽሪ ተሓቢኦም ናብራኻ ብሰንኪ እገዳ ማሕበረ-ሰብ ዓለምዩ ኣንቆልቂሉ ዘሎ ክብልዎን ኣብ ልዕሊ ሕሰም ህዝብታትና ክሸካዕሊሉን ፍጹም ጸገም የብሎምን። ደንበ ተቓውሞ አዚ ናይ ዓለም ጸጥታ ቤት-ምኽሪ ለጊሱልና ዘሎ ናይ ልደትን ሓድሽ ዓመት ገጸ-በረኸት ብጉቡአ ክንጥቀመሉ ይግባአ። ዓለም አብ ዲፕሎማስያዊ አገባብ ከመይ ትሰርሕ ዘይፈልጡ ስለምንታይ ልዕልዚ ተወሲኑ ዘሎ ዘይከዱ ዝብሉ አይሰአኑን አዮም።ካብዚ ንላዕሊ ክስራሕ አንተኸይኑ ቦኽሩ ዘሎ ግደና ኢዩ።ህዝብታት ኤርትራን ዞባናን ጥራሕ ዘይኮነ ዓለምና እነሆ ንስርዓት ህግድፍ አብ ዝላዓለ ፖለቲካዊ ውሳነ ዝውሰደሉ ጽፍሒ ፎእ ኢሎሞ።

ደንበ ተቃውሞ ሐቢርካ ናይ ምስራሕን ፈልልያትካ ናይ ምውጋንን ዓቅምታት ስለዘይጥረና ከምዚ ዓይነት አጋጣሚ ክርከቡ እንከለው ከይተጠቀምናሎም ከምዝሐልፉ ታሪኽና ዝምስኽሮ ሐቂ እዩ።አብ 1950ዓም ዝነበራ ሰልፈታት ሓድነት ፖሎቲካዊ አረአእያ ስለዘይነበረን ልዕሊ አርባዓ ዓመት ዝወስድ ቃልሲ አቲና፡፡ ኣብ 1975ዓም ተጋድሎ ሐርነት ኤርትራን ህዝባዊ ሓይልታት ሐርነት ኤርትራን ሓደ ራእይ ስለዘይየጥረያ ካብ አፍደገ ዓወት ን16 ዓመት ንድሕሪት ተመሊስና።አብ ሰማንያታት መንግስቲ ደርጊ ተዳኺሙ ንዘተ ከጽውዕ እንከሎ አብ አዕናዊ ዝኾነ ኹናት አድሕድ አቲና፡፤አብ 1991ዓም ብደምን ኩቡር መስዋእትን ንዝመጽኤት ሃገርና፡ ረፈረንደም ዓለም ክምርቅ እንከሎ ውሽጣዊ ሐድነትና ስለ ዘይወደብና አብ ኩናትን ዕንወት ሃገርና በጺሕና።ስዒቡ ድማ ምስኩለን ዝዳወባና ሃገራት ኩናት ብምውላዕ ሃገርና አብ ናይ መሬት ሲኦል ተቐይራ፡፤መንእሰያት ኤርትራ ተስፈ ቆሪጾም ንስደት ከም መፍትሒ ሸግር ወሲዶም ኣብ ባሕሪ ብዓሳታት ክብልዑ ርኢና።

ዘይሕለል ተቓላሳይ ሓርበኛ ህዝብና ካብ ምቕላስ መኣስ ኣቓሪጹ ይፈልጥ፡አንቢ አይግዛእን ስለ ዝበለ ኣብያተማእሰርቲ ካብ መንበሪ ገዛውቲ ከም ዝበዝሕ ኩልና ንርእዮ ሐቂ እዩ።እንተኾነ ሓደ መዓልቲ አብ ጎደና ሐርነት ሆ ኢሉ ክብገስ ንደሊ ሰባት አሎና። እዚ አንጻር ሓደ ፊሽስታዊ ስርዓት ክካየድ አጸጋሚ እዩ። እቶም ናይ ፊሽስታውያን ሕጊ ብቕሉዕ ዝመከቱ ተጋደልቲ፣ኣካለ ስነኩላት፣ተማሃሮ ዩንቨርስቲ፣ጋዜጠኛታት፣ምኒስተራትን፣ወተሃደራዊ ሐለፈትን ካብ ዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሕብረተሰብ ሎሚ አበይ አለው። ህዝብና ብውልቅን ብእኩብን ንፊሽስታዊ ስርዓት ተቓውሞኡ ገሊጹ እዩ።

እዚ ተፈጢሩ ዘሎ ኩነታት ንጠቀመሉ፡፡ውድባት ቅድሚ ሕጂ ብሰንዓ ፎርም ዝተገብረለን ደገፈ ህዝብና ከድሕና አይከኣላን።እዚ ሕጂ ብዓለም ተወሲዱ ዘሎ ፖለቲካዊ ውሳኔ አገዳስነቱ ተረዲእና ንረብሐ ህዝብታትና ነውዕሎ።

ሆደ ምርቓ ብሊን በዚ አጋጣሚዚ ናይ ቃልሲ ጻዊዒት የቅርብ።

1 ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳንን ጉዳይ ሰፍሕ ዋዕላ አብዚ ግዜዚ ብዕቱብነት ርእዩ ከቀላጥፎን ነዚ መድረኽ ብዝገጥም ዳግመ ውደባ ከካየድን ንርኢ።

2 ፈሽስታውያን ብዘየካ ሐይሊ ካልእ ስለዘይርድኦም እቲ ብውድባት ቀይሙ ዘሎ ሰራዊት ኣብ ትሕቲ ሐደ ሃገራዊ ሰራዊት ክጥርነፍ፡ኣብ ሰፍሕ ዋዕላ ፖሎቲካዊ ውሳኔ ኮይኑ ክሐልፍ ንርኢ።

3 ውድባት ካብ ናይ ሐባር ስምምዕ ወጻኢ ምስ ዝሰሐሐባ ዝዳነያሉ ባይቶ ክህሉ።

4 ኣብ ፍቅዶ ሃገራት ፈሕ ኢሎም ሕማቅ ናብራ ዘሕልፉ ንዘለው ኤርትራውያን ስደተኛታት ትሕግዝ ሓባራዊት ናይ ረድኤት ቀይሕ መስቐልን ወርሕን ምምስራት።

5 እዚ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ወሪዱ ዘሎ ስዕረት ተጠቂምና ህዝብናን ዕለማዊ ትካላትን ተሳትፎኦም ክበርኽቱ ምቅላስ።

ግዜ እንክሎካ ኣይትጸበ ክም ዝበሃል፡ ንፈሽስትነት ኣብ ሃገርና ትንፋስ ካብ ዘይህብ ኣገደስቲ ነገራት ገለ ነጥብታት ጠቂስና ኣለና።ብወገና ምስኩሎም ኣብ ለውጢ ዝኣምኑ ሐይልታት ክንሰረሕ ድልዋት ኢና።
ሐድሽ ዓመት፡ ዓመተ ለውጥን ሰላምን ክኾነልና ንምነ።

ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስውኣትን!
ብሄራዊ ውደባ እዋናዊ ጠለበ ህዝብና እዩ!
ኣብ ሃገርና ደሞክራሲ ብቃልስና ክረጋገጽ እዩ።

ግዝያዊት ኣካያዲት ሽማግለ ሆደ ብሊን
ክፈሊ ዜናን ባህልን
28 December 2009

Eritrean blin Organization P.O. 101141 kassel Germany.